# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.24 | ሰንበት 27 መስከረም 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ኣንትዋን ቼኾቭ

ገጽ 4
ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ንምፍዋስ ምድካይ-መሬት


ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍላታትን ህዝባዊ ግንባር


ገጽ 8


ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ነጥቢ ተማቒላ


# ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ሰበ-ስልጣን ዝተፈላለያ ሃገራት ርክባት ኣካዪዱ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ ጐኒ ጐኒ መጋባእያታት መበል 81 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ 23 ክሳብ 25 መስከረም - ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ዝተፈላለያ ሃገራትን ሰብመዚ ሕቡራት ሃገራትን ርክባት ኣካዪዱ።

ሚኒስተር ዑስማን፡ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ፡ ሱዳን፡ ኣልጀርያ፡ ቡርኪናፋሶ፡ ሸወደንን ግሪኽን ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን፡ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገዳስነት ምውህሃድ መርገጺታት ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ምኽባር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ናይ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ መሰረታዊ ከምዝኾኑ፡ ግጭታት ዘብእስ ዘሎ ግዳማዊ ምትእትታዋት ድማ ክውገድ ከምዘሎዎ ተዘሪቡሉ።

ሚኒስተር ዑስማን ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳያት ፖለቲካን ህንጸት ሰላምን ሮዝሜሪ ዲካርሎን ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ዓባይ ብሪጣንያ ጆናታን ፖወልን ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ ብቐንዱ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ምልውዋጥ ርእይቶታት ተኻይዱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ ስግኣታት ሓደጋ ምውሳኽ ምልኣት ባሕሪ ኣብ ዝዘተየ ርክብ ላዕለዎት ሰብመዚ፡ ንመርገጺ ኤርትራ ዘጽር መደረ ኣቕሪቡ።

ኤርትራ ነዊሕን ሰፊሕን ገምገም ባሕሪን ልዕሊ 350 ደሴታትን ስለእትውንን፡ ንጉዳይ ምልኣት ባሕሪ ዓቢ ግምት ከምእትህቦ ብምንጻር፡ ሙዳውብቲ ባሕሪን ውቅያኖሳትን ዝኸፉና ሃገራት፡ ጽልዋታት ናይ'ቲ ንማሕበረሰባት፡ ባሕራዊ ኣከባብን ባህጊታት ምዕባለን ንሓደጋ ዘቃልዕ ምውሳኽ ምልኣት ባሕሪ ንምምካት ከይተሓለላ ክሰርሓ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ኤርትራ ኣብ ገጢ'ተን ብሰንኪ ምውሳኽ ምልኣት ባሕሪ ናይ ህላወ ሓደጋ ኣንጸላልዩወን ዘሎ ሃገራት ደው ከምእትብል፡ ከምኡ'ውን ደሴታተን ክምሳእን መጻኢአን ክውሓሰን ከምእትድግፍ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ ሚኒስተር ዑስማን፡ ብ25 መስከረም ኣብ ዝተቓወ ኣኼባ ምክልኻል፡ ምርግጋጽ ድልውነትን ምሃብ ምላሽን ንለበዳ ጥዕና ዘተኩረ ኣኼባ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ ኣብ እዋን ክስተት ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ቀረብን ተበጻሕነትን፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂን ዓቕሚ ኣፍራይነትን ሕክምናዊ ንዋትን መድሃኒትን ዓቢ ክፍተት ምህላዉ ከምእተቓልዐ ብምሕባር፡ እዚ ንምፍዋስ ብደረጃ ዞባ ዓቢ ናይ ምፍራይን ምስግጋር ቴክኖሎጂን ዓቕሚ ምዕባይ መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።


ግብጺ


ሱዳን


ሸወደን


ዓባይ ብሪጣንያ

# ማእከል - ኣብ መንጎ ንኡስ ዞባታት ዝተኻየደ ስነ-ጥበባውን ባህላውን ውድድራት ተዛዚሙ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ኣብ መንጎ ንኡስ ዞባታት ዝተኻየደ ስነ-ጥበባውን ባህላውን ውድድራት፡ ብዓወት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ተዛዚሙ።

"ባህልና ባሕርና" ብዝብል ቴማ ብ24 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ወግዓዊ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣስመሮም ጴጥሮስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ውድድራት፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ባህሎምን መንነቶምን ክፈልጡን ብንቕሓት ኣብ ምዕቃብ ክሳተፉን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ መንእሰያት፡ ብዘይካ'ቲ ንንኡስ ዞባታቶም ወከልቶም ዘርኣይዎ ብቕዓትን ልዑል ናይ ምግባር ዓቕምን፡ ኣብ መሳርሒታት መዚቃ፡ ደርፍታት፡ ትልሂት፡ ሓጻር ዛንታታትን ግጥምታት ፍሉይ ክእለትን ተወዳዳሪ ስራሕን ከምዘቕረቡ፡ ኣቶ ኣስመሮም ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ብውልቅን ብደረጃ ንኡስ ዞባን ዝተዓወቱ ክሸለሙ ከለዉ፡ ንኹለን ተሳተፍቲ ንኡስ ዞባታት ናይ ምስጋናን ኣፍልጦን ወረቐት ምስክር ተዋሂቡ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኣይ ተወልደብርሃን ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ባህሊ መግለጺ መንነት ስለዝኾነ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ነዚ መደብ ብዝለዓለ ከምዝሰርሓሉ ኣረጋጊጹ።


ስእሊ. ዮውሃንስ መብርሃቱ



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን - ኤርትራውያን ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብዝተፈላለዩ ማሰናድኢታት ብደምቀት ጸንቢሎም።

ብምትሕብባር ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበርን ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ዞባ ቪክቶርያን ብ19 መስከረም ኣብ



ከተማ መልበርን ኣብ ዝተወደበ ጽንብል፡ ንንቡዞ ታሪኽ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዘንጸባርቕ ስእላዊ፡ ባህላውን ስነጥበባውን መደባት ቀሪቡ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያ ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃም ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ተኻፊሎም ዝጸንሑ ከምኡ'ውን ንመምህራኖምን ኣለይቶምን "የቐንየልና" ድሕሪ ምባል፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1976 ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ንምምስራት ዝወሰዶ ውሳኔ ንርእኡ ዝገልጽ ታሪኻዊ ውሳኔ ከም ዝነበረ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ብውድብ ህዝባዊ ግንባር ብሓፈሻ፡ብመምህራኖምን ኣለይቶምን

ካብ መስረትቲ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝኾኑ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምርምርን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ብዮማዝ ካብ ኣስመራ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ዘመን ዝተዓመ ስራሕ፡ ዝተሰገረ ብድሆታትን ዝተጨበጠ ዓወታትን ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ድማ ብፍላይ ንዝዮገበረሎም ዝነበረ ፍሉይ ክንክንን ናብዮትን ዝገልጽ መብርሂ ኣቕሪቦም።

እቲ ጽንብል፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ብዘደገምዎ መዛሙርን ደርፍታትን ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣውስትራልያ ብዝነብሩ ስነጥበባውያን ዝቘመት ጉጅለ ባህሊ ስሌት ብዘቕረብዎ ማሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

# ኣባላት ማሕበር ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ነበር፡ ታሪኻዊ ቦታታት በጺሖም

ኣባላት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ማለት ጀማሂር ነበር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ዝርከብ ቀዳሞት ናጽነት ዝካየደሉ ዝነበሩ ቦታታት ብምብጻሕ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝሰላሰል መደባት ልምዓት ብምዕዛብ፡ ንምዕዋቱ እጃሞም ከምዘበርክቱ ኣረጋጊጾም።

እቶም ኣብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ዞባ ሰሜን፡ ላዕላይ-ባርካን ምዕራብን ንሓፋሽ ኣብ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ዝካየዱ ዝነበሩ ጉዳይም ተጋደልቲ ነዚ ዝገለጹ፡ ብ20 መስከረም ኣብ ዝወደብዎ ዑደት'ዩ።

ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነበር፡ ብማሕበር ተወዲቦም ዓመታዊ ዝገብርዎ ርክብ፡ ክንዮ ምዝንጋዕ ዝኸይድ፣ ምስ መደባት ልምዓት ብዝላልን ተራኦም ኣብ ዝሰላሰል መደባት ብዝዕዝዘን ኣገባብ ክትግበር ተማሕጺኖም።



# ሰንዓፈ፡ ኣደታት ንማእከል ተሃድሶን ሕውየትን ፈስቱላ ዓይነታዊ ደገፍ ገይረን

ናብ ማእከል ተሃድሶን ሕውየትን ፈስቱላ መንደፈራ ዝግበር ምብጻሕን ምትብባዕን፡ ክንዮ'ቲ ኣብ ሞራልን ሕውየትን ተሓከምቲ ዘፈጥሮ ጽልዋ፡ ተርእዮ ፈስቱላ ንምውጋድ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ደፋኢ ሓይሊ ከምዝኾነ፡ ሞያውያን ሕክምና ገሊጾም።

ዶ/ር ሃብቱ ሃይለመለኮትን ዶ/ር ኣብርሃም ኣማኒኤልን ነዚ ዝገለጹ፡ ወከልቲ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብ22 መስከረም ኣብ'ቲ ማእከል ተዓቒብን ሕክምናዊ ናብዮት ንዝግበረለን ዘሎ ተሓከምቲ ንምትብባዕ ኣብ ዝወደብዎ መደብ፡ ንጠንቅን ሳዕቤናትን ፈስቱላ ኣመልኪቶም መብርሂ ኣብ ዝሃብሉ'ዩ።

ፍወሳን ሕውየትን ፈስቱላ፡ ኣካላዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ክኸውን ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ማእከል ተሃድሶን ሕውየትን ፈስቱላ መንደፈራ ንዝርከባ ተሓከምቲ ብነጻ ዝገብሮ - ካብ መጥባሕቲ ክሳብ ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ዝዘርጋሐ ኣገልግሎት፡ ብሕብረተሰብ ብውዱብ መልክዕ ክድገፍ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

ሜዲካል ዳይረክተር መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ዶ/ር ሰዓረ ተስፋ ብወገኑ፡ ብሰንኪ ሃሳዪ ልምድታት፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ዕጉት ሕርሲን ኣደታት ንፈስቱላ ከምዝቃልዓ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዕድመ ፍርያምነት ዝርከባ ኩለን ደቂኣንስትዮ ግቡእ ክትትል ቅድመ ሕርሲ ክገብራን ኣብ ትካላት ጥዕና ክሓርሳን ምዒዱ።

ኣባል ባይቶ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ወ/ሮ ግደይ ተስፋይ ብወገና፡ ንግዳያት ፈስቱላ ንዝግበር ዘሎ ኩሉንትናዊ ናብዮትን ሓገዝን ድሕሪ ምምስጋን፡ ካብ ግዱሳት ነበርቲ ን/ዞባ ሰንዓፈ ብዝተዋጽአ ገንዘብ፡ ንተሓከምቲ ዘገልግል መጻጸዪ ንዋትን ኣልባሳትን ዘጠቓልል ንዋታዊ ደገፍ ከምዘበርከቱ ገሊጻ።

ተሓከምቲ ብወገነን፡ ኣብ'ቲ ማእከል ንዝግበረለን ዘሎ ሕክምናዊ ሓገዝን ብሕብረተሰብ ዝግበረለን ዘሎ ንዋታውን ሞራላውን ደገፋትን ኣብ መስርሕ ሕውየተን ዓቢ እጃም ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ በጺሐንኦ ዘለዋ ደረጃ ውጽኢት ናቱ ከምዝኾነ ሓቢረን።

# ኣብ ሃገራዊ በዓላትን ፈስቲቫላትን ዝቐርብ ያታዊ ውርሻታት፡ ብዓሚቑ መጽናዕቲታት ዝተሰነየ ክኸውን መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ብደረጃ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሃገራዊ በዓላትን ፈስቲቫላትን ዝቐርብ ያታዊ ውርሻታት፡ ብዓሚቑ መጽናዕቲ ዝተሰነየ ክኸውን፡ ብ22 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ፡ ንትሕዝቶ በዓላትን ፈስቲቫላትን ዝገምገመ ርክብ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ብክፍሊ ባህሊን ስፖርትን ተወዲቡ ኣብ ባጽዕ ዝተገብረ ገምጋም፡ ወከልቲ ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባታት ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ሃገራዊ ማሕበራትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሰፊሕን ሃብታምን ወግዒታትን ልምዲታትን ዘለወን ብርኽት ዝበላ ብሄራት ዝሓቐፍን ብምዃኑ፡ ሰፊሕን ዓሚቕን መጽናዕቲ ንምክያድ ከቢድ ወጻኢታት ዝሓትት'ኳ እተኾነ፡ ምስ ምምሕዳራት ንኡስ ዞባታትን ካልኦት መሻርኽትን ብምትሕብባር መጽናዒትታት ክካየድ ምጅንሑን ከምዝቐጽልን ገሊጻ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ እቲ ቡብእዋኑ ዝቐርብ ያታዊ ትሕዝቶታት ዝምስገን'ኳ እንተኾነ፡ ብዙሕ ዘይተዳህሰሰ ከባቢታትን ጸጋታትን ስለዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ኣቓልቦ ክግበረሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፡ ዛጊት ብውሱን ዓቕሚ ክስራሕ ዝጸንሐ መደባት ዳህሳስን ምምዝጋብን ያታዊ ውርሻታት ዝምስገን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ መጽናዕቲ ዝካየዱ ክኢላታትን ኣቕረብቲ መደብን ዝያዳ ውጽኢታዊ ስራሕ ንኽዓሙ፡ ምምሕዳር ዞባ ምድግጋፍ ከምዝገብር ኣረጋጊጻ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## መደብ ቴለቭዥን


(ሰንበት)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 07:30 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 07:30 | ወግዓዊ ስነ ስርዓት በዓል መስቀል ቀጥታ |
| 11:45 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትሙት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# መዘናዩ

ማርታ'ክብሮም

## ኣንትዋን ቼኮቭ



ሩስያዊ ማብቆል ዘለዎ ኣንትዋን ቼኮቭ፡ ኣብ 17 ጥሪ 1860 እዩ ተወሊዱ። ንሱ ገና ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ናይ ምጽሓፍ ዝንባለ ነበሮ። "ቼኮንተ" ከምኡ'ውን "ኣንቶሻ" ብዝብል ናይ ብርዒ ኣስማት እናተጠቐመ፡ ኣብ ብዙሓት ጋዜጣታትን መጽሄታትን ኣዘናጋዕቲ ሓጻርትን ጽሑፋት ይጽሕፍ ነበረ።

ጽሑፋት ኣንትዋን ቼኮቭ ተዋዛያይ ምንባሩ ዝሕብሩ እየም ነይሮም። ዳርጋ ኩሎም ድርሰታቱ ሱላቢ ዋዛን ፍሉይ መቐረትን ነበሮም።

ቼኮቭ ኣብ 1884 ብሞያ ሕክምና እኳ እንተ ተመረቐ፡ ኣቓልቦኡ ግና ኣብ ድርሰት ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ንሱ ወዲ 26 ዓመት እንከሎ፡ ኣስታት 400 ዝተፈላለዩ ሓጸርቲ ዛንታታት ኣብ መጽሄት ከሕትም ክኢሉ እዩ። ብሓፈሻ ቼኮቭ ኣብ ዕድመኡ ልዕሊ 500 ሓጸርቲ ልቢ ወለድ ዛንታታት ከም ዝጸሓፈን ኣስታት 800 ሓጸርቲ ልቢ ወለድ ዛንታታት ከም ዝፈጠረን እዩ ዝግለጽ።

ቀንዲ ትሕዝቶ ድርሰት ቼኮቭ ንጠቢያት ውሽጣዊ ስምዒት ከም ጭንቀት፡ ፍርሒ፡ ፍቕሪ፡ ሕፍረት፡ ሓሶት፡ ወዘተ. ብዝምጥኑ ዘንጸባርቑ ነበሩ። ኣብ ንምግባር ዝጥቀመሉ ቃላትን ቋንቋን ከኣ ልዕሊ ኩሉ ንተወሃቢ ድርሰቱ ዝምስክሩ እዮም። ሓደ እዋን እቲ ውሩይ ደራሲ ሌቭ ቶልስቶይ፡ "ቼኮቭ ብዘይ ቃልዓለም ኣገባብ ኣጸሓሕፍኡ ካብይ ንላዕሊ እዩ" ብምባል ኣድናቖቱ ክገልጸሉ ክኢሉ እዩ።

ኣንትዋን ቼኮቭ ኣብ ሓጸርቲ ልቢ ወለድ ዛንታታት ጥራይ ከይተሓጽረ ኣብ ምዕባለ ድርሰት ድራማ'ውን ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ጸሓፊ እዩ። ኣብቲ መጀመርታ ድራማ ናይ ምጽሓፍ ፈተናታቱ ከም ዘይተዓወተ'ኳ እንተ ተዋገረሉ፡ ብዝገበሮ ዘይሕለል ጻዕሪ ግን ኣብ ዓውዲ ስነ ጥበብ ሓደ ካብቶም ብደረጃ ዓለም ዝስርዑ ጸሓፍቲ ክኸውን በቒዑ'ዩ።

ኣብ ድርሰት ድራማኡ ቼኮፍ ኣብ ክውን መነባብሮ ሕብረተሰብ ሩስያ ተመርኲሱ ንምዝዛን ሓጎስን ሓዘንን ኣብ መድረኽ ብምግባእ ዘንጸባርቕ መሳዚኡት ከም ዘመስከረ፡ ከም ብዋል ሄሚንግወይ፡ በርናንደሻውን ካልኦት ዓበይቲ ደረስትን ኣብ ጽሑፋቱ ዝበርሆም ኣድናቖት ብተደጋጋሚ ክገልጹ ክኢሎም እዮም።

ቼኮቭ ኣብ 1904 ገና ኣብ ስነ ጽሑፍ ዓለም ብዙሕ ከበርክት ትጽቢት እናተገብረሉ እዩ ኣብ 44 ዓመቱ ብሕማም ሞይቱ።

## ካብ ስግንጢራዊ ባህርያት ደረስቲ

ብዙሓት ዓበይቲ ደረስቲ፡ ሓሳባት ንምምንጫው ወይ ኣብ ናይ ጽሑፍ ኩነተ-ኣእምሮ (ሙድ) ንምእታው ዝጥቀምሉ ኣገባብ ኣለዎም። ገሊኦም ኣብ ዓይኒ ምድሪ ኮይንካ ምጽሓፍ ዝብርሆም፡ ገሊኦም ክጽሕፉ ቅድሚ ምጅማሮም ብእግሮም ነዊሕ ዝጉዓዙ፡ ብደዎም እንተ ዘይኮይኖም ኮፍ ኢሎም ክጽሕፉ ዘይክእሉ ኮታስ ብዙሕ ኣገራሚ ባህርያት ዘውንኑ ኣለዉ።

ንገለ ካብ ስግንጢራዊ ባህርያት ናይ ሸውዓተ ህቡባት ደረስቲ ከነቕርብ ኢና፦

1. ጀይን ኦስተን ዝተባህለት ደራሲት፡ ቁም ነገር ዘለዎ ጽሑፍ ክትጽሕፍ ቅድሚ ምጅማራ፡ ዝኾነ ዘመጽኣላ ሓረግ ደጋጊማ ምጽሓፍ ተዘውትር ነበረት። ንኣብነት፡ "ኣደይ ናፊቓትኒ ምንባራ" ትብል ሓረግ ፍርቂ ሰዓት ምሉእ ኣብ ወረቐት ብዘይ ዕረፍቲ ደጋጊማ ትጽሕፋ። ብድሕሪኡ ጥራይ'ዩ ድርሰት ወይ ሓሳባት ክመጽኣላ ዝኽእል።

2. ጀይምስ ጆይስ ዝተባህለ ኣዝዩ ፍሉጥ ደራሲ፡ ኣብ ኣፈፌት ሞት ኴንካ ምጽሓፍ ይብርሆ ምንባሩ ይግለጽ። ነዚ ህሞት ንምስትምቓር ከኣ ዘይተኣደነ ገንዘብ ይኸፍለሉ ነበረ። እቲ ቀንዲ ሓሳባት ንምፍልፋል ዝጥቀመሉ ሜላ ድማ ኣብ ትጥሕል ዘላ መርከብ ኮይንካ ምጽሓፍ እዩ። ነዚ ንምርካብ ድማ ዝኸፈለ ከፊሉ ንካፒተናት ናይ መርከብ ንኺጋጭዋ ብላዕ ይህቦም። እታ መርከብ ክትጥሕል ክትጅምር ከላ ድማ ንሱ ምጽሓፍ ይጅምር። ከም'ዚ ኢሉ ክንደይ ኮን ጽሒፉ ይኸውን፧

3. ዞራ ሀርስተን ኣብ እትጽሕፈሉ ግዜ ፍጹም ጸጥታ እያ ትመርጽ ነይራ። እናጸሓፈት ከላ ዝኾነ ድምጺ እንተ ሰሚዓ ጽሑፋ ኩተቋርጽ ጥራይ'ዩ ዘለዋ። ነዚ ንምግባር ድማ፡ ክትጽሕፍ ከላ ክልተ ኣእዛና ዝሓትመላ ሰራሕተኛ ትቘጽር ነበረት።

4. ቨርጂንያ ዉፍ ድማ ጉዳመኛ እንግሊዛዊት ደራሲት'ያ። ንሳ ሓደ ኅበዝ ኣብ ጋቢያ ዓጽያ እያ ትጽሕፍ ዝነበረት። እቲ መንእሰይ ኣብ'ታ ጋቢያ ኮይኑ ብዘይ ዕረፍቲ፡ "ኣውጽእኒ፡ ኣውጽእኒ" እናበለ ክውጭጭ ኣለዎ። ንሳ ድማ ካብ ጽሑፋ ቅንዕ ከይበለት፡ "ፍጹም ኣይክውጻንን" ኢላ ትምልሰሉ'ሞ፡ ሽዑ ጽሑፉ ትቕጽል።

5. ዊልያም ፎክነር፡ ሰብ ኣብ ሰልሚ ተሸኺሉ እንተ ዘይርእዩ፡ ሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ'ኳ ክጽሕፍ ይኽእል ኣይነበረን። እዚ ደራሲ፡ ነዚ ምርኢት ንምርካብ ፈቐዶ ሰልሚ ክኾልል ይውዕል ነበረ። ሓንሳብ ከምኡ ዘጋጠሞ ሰብ እንተርእዩ፡ ምሉእ መዓልቲ ነቚሑ ክጽሕፍ ይኽእል'ዩ። ብፍላይ እቲ ሰብ ምስኡ ዘመሳሰል መልክዕ እንተሃልይዎ ከኣ ሓሳባት ጃሕጃሕ'ዩ ዝብለሉ። "The Sound And The Fury" ትብል መጽሓፉ ኩዳሉ ከሎ፡ ልዕሊ 600 ሰባት ብሓጺ ተደፊኖምን ኣብ ሰልሚ ተሸኺሎምን ክሞቱ ከለዉ ርእዩ።

6. ኤርነስት ሀሚንግወይ፡ ዘይናቱ መግቢ ዝለክፍ ወይ ዝትንክፍ ሰብ'ዩ ከም ገጸ ባህሪ ዝመርጽ። ኣብ ዝበዝሑ ጽሑፋቱ ድማ ዘይናቱ መግቢ ዝበልዕ ገጸ ባህሪ ኣለዎ። 'A Farewell To Arms' እትብል ዛንታኡ ንኣብነት፡ "እቲ መግቢ ናቱ ኣይኮነን። ንሱ ግን ካብ'ቲ መግቢ ተንኪፉ፡ መሊሱ ደጊሙ" ኢላ እያ ትጅምር። ቅድሚ ምሕታማ እቶም ኣሕተምቲ ንኽትድምሰስ ሓሳብ ኣቕሪቦምሉ ነይሮም። ንሱ ግን እንተ ደምሲሶማ ክኸሶም ምዃኑ እዩ ኣጠንቂቕዎም።



7. ቶኒ ሞሪሰን ዝተባህለት ደራሲት ድማ ጽሑፍ ቅድሚ ምጅማራ ኩተማ ምልእቲ እያ ትኾላ። ሸልማት 'ኖብል' ክትቕበል ከላ ኣብ ዘሰመዓቶ ቃል፡ "ብምሉኦም ኣብ ኩተማ ዘለዉ በጋሚንዶታት ክርእየም ኢለ'የ ክኾልል ዝውዕል። ንዓኦም ከይረኣኹ ሓንቲ ቃል'ኳ ክሸርጥጥ ኣይምኸኣልኩን" ኢላ ነይራ።

## ነብስኹም ፈትሹ

ብዙሕ ግዜ፡ ብዙሓት ሰባት ደሓር ተመሊሶ ዘስሕቖና ወይ ዘገርመና ስጉንጢራውያን ተግባራት ንገብር ኢና። ንሎሚ ገለ ካብቲን ብዙሕ ግዜ ብሰባት ዝፍጸማ ኣዘይቲ ሓሳባት ክንደህስስ ኢና፦

1. ምስ ሓደ ግኡዛዊ ነገር ተዘራሪብኩም ትፈልጡ'ዶ፧ ንኣብነት፡ እናሰራሕካ ከለኻ ኣብ መጎን ኮምፒዩተርካ ምስ ትኣብዮካ ምጽራፍ ወይ ምስ ማዕጾ ናይ ገዛኻ ኣብ እትጋጨወሉ ምስኡ ምዝርራር።

2. ኣብ ዓይኒ ምድሪ ወይ ኣብ ክፍልኻ ኮይንካ ንበይንኻ ምስ ሓደ ሰብ ከመይ ኢልካ ከም እትዛረብ ልምምድ ኩተካይድ ከለኻ።

3. ማዕጾ ናይ ገዛኻ ብዝምጥኑ ዓጺኻዮ ክኸውን ደጋጊምካ ምርግጋጽ። ወላ 99 ሚእታዊት ከም ዝዓጸኻዮ ርግጸኛ ክንስኻ ክልተ ሰለስተ ግዜ ተመላሊስካ ደጋጊምካ ተረጋግጽ። እዚ ብብዙሓት ሰባት ዝግበር ልሙድ ተርእዮ እዩ።

4. ሞባይልካ ከፊትካ፡ ናይ ዝሓለፈ መልእኽታት ደጋጊምካ ብምንባብ፡ ሓንሳብ ትስሕቕ ሓንሳብ ከኣ ስለምንታይ እየ ከምዚ ጽሒፈ ኢልካ ምስ ነብስኻ ምዝርራር።

5. ክትወጽእ ኣብ እትሓስበሉ እትኸይዶ ክዳውንቲ ጽሩይ ክሰ፡ ንምርግጋጽ ደጋጊምካ ክትጨንዎ ከለኻ።

6. መብራህቲ ኣጥፊእካ ኣብ እትድቅሰሉ ብድሕሪኻ ገለ ነገር መጺኡ ዘውሕጠካ ኮይኑ ይስመዓካ እሞ ናብ ዓራት እናጐየኻ ምድያብ።

7. ኣብ ዓራት ከለኻ፡ ናጥካ ሰብ ይመጽእ ከም ዘሎ ምስ ፈለጥካ፡ ኩብርታ ተሸፊንካ ከም ዝደቀስካ መሲልካ ኩተሰቅጥ ከለኻ። ወረ ሓደ ሓደ ግዜስ ኣብ ዓሚቝ ድቃስ ከም ዘለኻ ንምምሳል ክትሕርንኽ ወይ ኣዕሚቝካ ኩተስተንፍስ ኢኻ ትጅምር።

8. ብትሕቲ ሓደ ዓቢ ርሻን እናሓለፍካ፡ ብሃንደበት እቲ ህንጻ ናብ ልዕለኻ ዝወድቕ ዘሎ ኮይኑ ይስመዓካ እሞ ጸርግያ ሰጊርካ በቲ ሓደ ኣንፈት ክትጉዓዝ ክትጅምር ከለኻ።

9. ኣብ መገዲኻ ሓደ ማስመር ወይ ብፍሉይ ሕብሪ ዝተለኽየ ቀጢን ማስመር ምስ እትረኽብ ካልእ ከይረገጽካ ንዓኣ ጥራይ እናረገጽካ ትኸይድ እሞ ምስ ወዳእካያ ከኣ ሓደ ዓቢ ዓወት ከም እተጎናጸፍካ ተሓጒስካ ጉዕዞኻ ትቕጽል።

10. ኣብ ቅድሚ መስትያት ኴንካ ቅርጺ ኣካላትካ እናረኣኻ ደስ ብዝብል ስምዒት ከም ሞዴል የማነጸጋም ክትንቀሳቐስ ከለኻ።

## ምስሊ ሰውራ

ኣለውዶ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰወራ

ሃገር ዘረፍዩቶም ምስሊ ሰውራ

ኩለንተናኦም ዝተፈጥሩ ንኤርትራ

ምስ ሓቂ ዝኑብሩ ሓንቲ ስድራ።

ሰብ እንክለቦኑ 50 ዓመት ካብ ዝምስረቱ

ባህርያቶም ምስእትራኦ ውሽጦም ምስ እትኣቱ

መርገጺኦም ሓደ ኣይሰለቡን ምስ ዝቐየረ ኣንፈቱ

ተመልሚሎዮም ገና ብቢሓቱ

ኣይፋልካን ይብልዎ ንዘፈትሖ ቅናቱ

ተማሃራይ ሰውራ ሓንቲ'ያ ኣምዑቱ።

ንዘክርዎ ኣብይ ተማሂሮም

ክትረኦም ይመስሉ ቀረባት ዝበሮም

ከንዲ ሽላ—ኣብ ሞንን ክልተ ኈቦ

ከንዲ ፒሳ — ዓደስ ዘይቲ ዘይብሉ መቐረት ኣልቦ

ኩዳን ኣይሕተትን — ናይ ብዳይካ ቅዳድ ዝተለገቦ

ሰለዳ ኩርሽ ኣይትዛረቡን — ኣይትምጻሉን ንዘመቦ።

እዚ ብደሃ ካብ ባሕሪ ብጩልፋ

ቀሲንካ ዘይንብር ነፈርቲ ከባህርራ

ቀጻሊ ነውጺ ናይ ጸላኢ ዳንኬራ

እንታይ ዘጽሕሉ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰወራ።

ኑቲ ብደሃ - ብደሃ ከምዝዩካ ዝኣልዩ

ናታቶም ምዕባለ ዝኮታተሉ

መማህራን ኣለይቲ ኣርሞም ዝሓዩሉ

ዝለዓለ ክብሪ ይሸለሙ፡ ኣብዚ ወፍሪ ዝወዓሉ።

እዞም ኣናብስ ቤት ትምህርቲ ሰወራ!

ራኢ ህዝባዊ ግንባር ዶ ኣስማሮማ

እንታይ ከይገደሎም ሰብ ንጹር ዕላማ

ኣብ ዝተመደብዎ ብኣብነት ዝመርሑ

ብስውኣት ዝምሕሉ ብሓቂ ዝሰርሑ

ኣብ ኩሉ ጽላት ብዘቐዓቶም ዝበጽሑ።

ንሳቶም ዝጸልእዋ- ዘውሰልት ዝሕሱ

ተጀሃርቲ — ብሃገር ዘራኽሱ

ስሱዓት — ቁጠባ ሃገር ዘበርሱ

ምስ ጸላኢ ዝውግኡ - ጽልኢ ዝነሰንሱ

ኣይጻወርዎን'ዮም ክሳብ ዝርኽብሉ ፊወሱ።

ኣለኹምዶ ደቂ ሰውራ ሓው ወልዕ ጀልሃንቲ

ዕብዩ ዜሮ ምስ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ

ከምቲ ዝተበገሰኩሞ ብናህሪ ስርሑ

መሪሕ ውድብኩም ክርእብ ጻማኡ።

ኣለኹም ዶ ደቂ ታሪኽ ሰብ ታሪኽ

መንእሰይ መዛኡ ንቕሓቱ ኩብርኽ

ኣቢራብርዎ ኑቲ ዘዩሰርሕ ዝድቅስ ዝሕርንኽ።

ታሪኽም ይዘንቶ ጉዕዞ ወርቃዊ ኢያብልዩ

ደቂ ሰውራ ምኻንኩም ዝተፈተንኩም ብሓዊ

ብዓባይ ድስቲ ዝዓበኹም ብሓደንት ብወዒ

እንቋዕ ሓውኹም ኮንኩ ንዓይ ክሕሸኔ።

ንኣምን ተስፋዝጊ (ረም ረም)

ጃባ




# ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ንምፍዋስ ምድካይ - መሬት

ተኽለዝጊ ተኪኤ
ክፍሊ መሬት - ሚ/መ/ማ/ኣከባቢ

መሬትና ብውጥን ምስ እንጥቀመሉ ኣብ ርእሲ እቲ ዝህቦና ማሕበረ ቁጠባዊ ረብሓታት፡ ኣብ ምፍዋስ ምድካይ-መሬት እውን ዓብዪ ረብሓታት ዘለዎ እዩ። ቅድሚ ናብ ዝርዝሩ ምእታውና ግን ገለ መሰረታዊ ኣምራት ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ክንርኢ ኢና።

መሬት ክበሃል ከሎ ሓደ ውሱን ስፍሓት ዘለዎ ኣካል ደረቕ ምድሪ ኮይኑ፡ ኩሉ ኣብኡ ዝርከብ ባህርያዊ ጸጋታት ከም ሓመድ፡ ልዕለን ትሕተን-ባይታዊ ማይ (ሩባታት፡ ቀላያት፡ ጃቕጃቓት) ኣብኡ ዝርከቡ ህይወታውያን፡ ሰፈራታት ወዲ-ሰብ ከምኡ'ውን ኩሉ ሰብ ዝሰርሖ ትሕተ-ቅርጺን (ከም ዛላታት፡ ዲጋታት፡ መትረባትን፡ ህንጻታትን) የጠቓልል።

ህይወት ወዲ-ሰብ እንተስ ብቐጥታ እንተስ ብተዘዋዋሪ ኣብ መሬት ዝምርኮሰ እዩ። እንምገቦ መግቢ ኣብ መሬት ዝፈረየ እዩ፡ ናይ ኩሎም ህይወታውያን ስርዓተ-መንበሮ'ውን ኣብ መሬት ዝምርኮሰ እዩ። ኣብ'ዚ ሓሊፉ ክሊማ ምድርና'ውን ብዓቢኡ ምስ ኣጠቓቕማ መሬትና ዝተኣሳሰረ እዩ፡ ምኽንያቱ ናይ ካርቦን፡ ናይትሮጅን ከምኡ'ውን ናይ ማይ ዑደታት ንመሬት ዝትንክፍ እዩ። መሬት/ሓመድ ድሕሪ ማያዊ ኣካላት ማለት ውቅያኖሳት፡ ባሕሪታት ብኻልኣይ ደረጃ ዝሰራዕ ክእለት ናይ ምምጻይ ኣብ ከባቢ ኣየር ዝተተፍአ ካርቦን ኣለዎ። ካብ መሬት እንረኽቦ ረብሓታት፡ ብመጠን ውሕልነት ኣጠቓቕማና ክነዕብዮ ንኽእል እኳ እንተኾንና፡ መሬት ግን ኩሉ ግዜ ብስፍሓቱ ውሱን ዝኾነ ባህርያዊ ሃብቲ እዩ።

ምድካይ መሬት ክንብል ከሎና ካብ መሬት ዝርከብ ዝነበረ ዝኾነ ዓይነት ረብሓታት ንንውሕ ዝበለ ግዜ እናጎደለ ይኸይድ ከም ዘሎ ዝገልጽ ኣምር እዩ። እዚ ማለት ከም ስነ-ህይወታዊ ምህርቲ፡ ኣበርክቶ መሬት ኣብ ስርዓተ-መንበሮ ከምኡ'ውን ካልእ ወዲ-ሰብ ዝረብሓሉ ንጥፈታት ዘጠቓልል እዩ። ገለ ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ምድካይ-መሬት ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ እንተርኢና፡ ምውሳኽ ብዝሒ ህዝቢ ሰዒቡም ዘመጽኦ፡ ጫካታት ቆጥቍጥካ ናብ መዓላ ሕርሻ ምቕያር፡ ልዕሊ-ዓቕን ምግሃጽ መሬት መጋሃጫ፡ ከምኡ'ውን ዘይውሕሉል ኣገባብ ሕርሻ ኣብ ሕርሻዊ መሬት ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ምድካይ መሬት ሓደ ካብቶም ብደረጃ ዓለም ዓበይቲን ቀንድን ብድሆታት ኣከባቢ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ሃገርና እንተወሲድና እውን ካብቶም ብቐዳማይ ደራጃ ዝሰርዑ ብድሆታት ኣከባቢ እዩ።

ምድካይ-መሬት ንደቂ-ሰብ ናይ ህልውና ሓደጋ ዘስዕብ ከቢድ ኩነት'ውን እዩ። መሬት ፍርያታ ምስ ዘቋርጽ ወይ ኣዝዩ ምስ ዝንከ፡ ውሕስነት መግቢ ኩተረጋገጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብ'ዚ ሓሊፉ ተጠቀምቲ መሬት ኣብ ትሕቲ ምሕር ድኽነት ከም ዝወድቁ ይገብር፡ ድኽነት ከኣ ብጊዲኡ ስደት የስዕብ። ስደት ድማ ጠንቂ ዘይምርግጋእን ምዝራግ ሰላም ናይ ስፍሕ ዝበለ ከባቢታት ዓለምን ይኸውን ማለት እዩ። ብመሰረት ሰነዳት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኩነታት ምድካይ-መሬት ሃገርና ምስ እንዕዘብ፡ 36% ካብ መሬትና (ብዝያዳ ኣብ ደቡብን ደቡባዊ ምዕራብን ክፋል ሃገርና) እዚ ሓደጋ እዚ ዘንጸላልዎ ዘሎ ከባቢታት እዩ።

### ምትእትታው ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ከም መፍትሒ

ምድካይ-መሬት ንምጉዳል ካብኡ ሓሊፍካ ድማ መሬት ከም ዝሁብትም ንምግባር ዘገልግሉ መደባት ንምትግባር ዘኽእል ርሒብ ዕድላት ኣብ ጽላት መሬት ኣሎ። ገለ ካብዚ፡ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ምትእትታው፡ ውሑስ ምሕደራ መሬት ምኽያድ ከምኡ'ውን ለውጢ ኣብ ስርዓት-ትሕዞ መሬት ክንጠቅስ ንኽእል። እዞም ኣገባባት እዚኣቶም ብዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝተመስከረሎም መፍትሒታት ምዃኖም ብዙሓት ምርምራዊ ሰነዳት ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ።

መሬት ብዓይነቱ ሓደ ኣይኮነን፣ ኣብ ዕምቈት ሓመዱ፡ ኣብ ትሕዝቶ ማዕድናቱን ኣኻውሑን፡ ኣብ ቅርጺ መሬቱን ጸዳፍነቱን፡ ከምኡ'ውን ናይ ዝርከበሉ ቦታ ክሊማን ትሕዝቶ ማይን ይፈላለ እዩ። ቅኑዕ ኣጠቓቕማ መሬት ማለት ንሓደ ዓይነት መሬት ብልክዕ ዝሰማማዕ ዓይነት መዓላ መሬት ምምራጽ (ሕርሻ ንበሎ ካልእ) ካብኡ ሓሊፍካ ድማ ኣብ'ቲ ዝተመርጸ መዓላ ውሑስ ዝኾነ ምሕደራ መሬት ምኽያድ፡ ሕርሻዊ ፍርያምነት ኮነ ካልእ ቁጠባዊ ረብሓታት ከም ዝበርኽ ይገብር። ኣብ ርእሲ እዚ ትሕዝቶ ካርቦን (ዱኻዒ) ወሲኹ፣ ናይ መሬት ካርቦን ናይ ምምጻይ ዓቕሚ (ካብ ከባቢ ኣየር ምዃኑ እዩ) ይሰስን። ምስሳን ትሕዝቶ ካርቦን ኣብ ሓመድ ድማ ስርዓተ-መንበሮ ህይወታውያን ብምምዕባል ውሕስነት መግቢ የረጋግጽ፡ መኑብሮ ዜጋታት ከም ዝመሓየሸ ከምኡ'ውን ድኽነት ከም ዝስዓርን ይገብር።

ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት፡ ኣብ ምሕደራ መሬትን ምዕቃብ ጸጋታት ተፈጥሮን እቲ ቀንዲን መሰረታዊን ረቛሒ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ውሑስ ሸቶታት ምዕባለ (SDGs) ንምዕዋት ዘገልግል ዘመናዊ ሜላ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ ምብዳህን ምርዓምን ክሊማዊ ለውጢ'ውን እንተ ተመልኪትና፡ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ወሳኒ ክበሃል ዝከኣል ኣበርክቶ ኣለዎ።

ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ከም ኣምር፡ ትሕዝቶ መሬትን ዓቕሚ መሬትን ብዝተሰርዐን ዝተወሃሃደን ኣገባብ ብምጽናዕ ዓቕሚ መሬት ከይጎደለ ልዑል እትዋትን ረብሓታትን ዝርከበሉ፡ ማሕበራዊ ተቐባልነት ዘለዎ፡ ንኣከባቢ ዘይሃሲ ዓይነት መዓላ ወይ መዓላታት ምንዳይን ምምራጽን እዩ




ኢልካ ክትርጎም ይከኣል። ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ንምኽያድ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዎ ሰፊሕ ተሳትፎ ማሕበረ-ሰብን ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ዝጠልብ መስርሕ እዩ።

### ትካላዊን ሕጋዊን ምትእትታው ንምፍዋስ ምድካይ መሬት

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መሬት ልዑል ቀላሕታ ብምሃብ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ብሰንኪ ደርቂ ዝተናውሐ ኩናትን ዘይውሑሉል ባህላዊ ስርዓተ ምሕደራን፡ መሬት ሃገርና ኣዝዩ ተሃሲዩን ፍርያምነቱ ድማ ኣንቀልቂሉን እዩ ጸኒሑ። ነዚ ንምልዋጥ መንግስቲ ኣብ ጽባሕ ናጽነት፦

- መሬት ናይ ምምሕዳር ዕማምን ሓላፍነትን እተዋህቦ 'ኮምሽን መሬት' ኣቑመ።
- ኣብ 1994፡ ብ 'ኣዋጅ መሬት 58/94' ዝፍለጥ ስርዓተ-ትሕዞ መሬት ንምቕያርን ኣጠቓቕማ መሬት ንምውሳንን ዝዓለመ ኣዋጅ ኣጽዲቑ።
- ኣብ 1997 ተራ ተጠቀምቲ መሬትን ኣካላት ምሕደራ መሬትን ንምውሳን ዘገልግል 31/97 ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጋዊ ምልክታ ኣውጽአ።
- ኣብ 1997 ኮምሽን መሬት፡ ከም ሓደ ኣካል ናይ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኮይኑ ሓድሽ ቅርጺ ብምሓዝ ዳግማይ ቈይሙ።

### መስርሕ ምድላው ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ከመይ ይመስል፧

ምድላው ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ብመሰረት መምርሒታት ክፍሊ መሬት ሚ/መ/ማ/ኣከባብን፡ ሰለስተ ገጻት ዘለውዎ መስርሕ እዩ።

እቲ ቀዳማይ ገጽ፡ መጽናዕቲ ህልዊ ሽፈነ ኣጠቓቕማን መሬት ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብ'ዚ መጽናዕቲ እዚ፡ ናይቲ ዝጽናዕ ዘሎ መሬት (ዞባ፡ ንኡስ ዞባ ወይ እውን ዓድን ሓደ ማይ-ክዖን ክኸውን ይኽእል) ህሉው ኩነት ማለት ኣብ እንታይ መዓላ ውዒሉ ኣሎ፡ ወይ ኣንታይ ዓይነት ሽፈነ መሬት ኣለዎ ይጽናዕ። እዚ መጽናዕቲ ምስ ተወደአ ብመልክዕ ካርታ ዝተዳለወ ምክፍፋል መሬት ይግበር። ኣብ'ዚ ደረጃ ዝፍለጡ ኣጠቓቕማን ሽፈነን መሬት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1. መሬት ሕርሻ
2. መሬት መግሃጫ
3. ብኣግራብን ቈጥቋጣትን ዝተሸፈነ መሬት
4. ጨቃው/ጥሉል ቦታ (ሸኻታትን ጃቕጃቓት)
5. ቀላጥ/ሌጣ መሬት
6. ብሑጻ ዝተሸፈነ ገማግም ሩባታትን ገማግም ባሕርን
7. ማያዊ ኣካላት (ቀላያት፡ ሩባታት፡ ዲጋታት ወዘተ)
8. ሕዛእትታት (ንዝተፈላለየ ዓላማ ዝተሓዝአ)
9. ናይ ስነ-ጥንቲን ባህላዊ-ውርሻን ቦታታት
10. ቀወምቲ ዓድታትን ከተማታትን
11. ግዚያዊ ህንጻታት (ናይ ዕደና፡ ኢንዱስትሪ ወይ ወተሃደራዊ መዓስከራት ወዘተ)

እቲ ካልኣይ ገጽ ድማ መጽናዕቲ ዓቕሚ መሬት ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ትሕዝቶን ዓቕምን መሬት ዘጽንዓሉ መድረኽ እዩ። ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ መሬት ብትሕዝቶኡን ዓቕሙን ይፈላለ እዩ። ዓቕሚ መሬት ዝተፈላለየ ሳይንሳዊ መዐቀኒታት ተጠቒምካ ናይቲ ሕብረተሰብ ልምዳዊ ፍልጠት ተወሲኹዎ ኩተጻንዮ ይከኣል። ዓቕሚ መሬት ብኩነታትን ትሕዝቶን መሬት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብክሊማን ትሕዝቶ ማይ ናይ'ቲ ከባቢን ዝጽሎ እዩ። ኣብዚ ገጽ መሬት ካብ'ቲ ንዘደለኻዮ መዓላ ከገላብጠካ ዝኽእል ደረጃ-1 ካብ እቲ መውዓሊ ንእንስሳ ዘገዳም ጥራይ ከገልግል ዝኽእል ኣጻድፍን ኣኻውሕን ዝዓብለሎ ደረጃ-8፡ ኣብ ሸሞንተ ደረጃታት ይኽፋፈል፡ ነዚ ዝገልጽ ካርታ ድማ ይዳለወሉ።

እዘን ኣብ ላዕሊ ዝረኣናየን ክልተ ገጻት መጽናዕቲ ከም ዳህሳስ ወይ ገምጋም ጌርና ክንወስደን ንኽእል። እቲ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ግን ብቐንዱ ኣብ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ገጽ መጽናዕቲ እዩ ዝካየድ። ምኽንያቱ፡ እቲ ህልዊ ዘሎ ኣጠቓቕማን ሽፈነን መሬት ከም ዘለዎ ክቕጽል ዲዩስ ዋላስ ክቕየር ኣብ'ዚ መድረኽ እዚ እዩ ክውሰን። ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ብሃገር ደረጃ፡ ብዞባ ደረጃ ከምኡ'ውን ብዓዲን ማይክዖታትን ደረጃ ክካየድ ይከኣል። ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት፡ ካብ ህዝቢ ጠለባት መሬት ገና ከይመጽአ ከሎ፡ ነቲ መሬት ናብ ዝተፈላለዩ ዞናታት መቒሉ ከም ዝተሓዝ (ዝሕዛእ) ይገብር። ንኣብነት፡ ናይ ኢንዱስትሪያዊ ዞና፡ ናይ ሕርሻዊ ልምዓት ዞና (ኣብ ሕርሻ ናይ ኣእካል፡ ፍረታት፡ ወዘተ)፡ ናይ ዕደና ዞና፡ ንመንበሪ (ጤሳ) ዝሕዛእ ዞና፡ ንህወታዊ ብዙሕነት ዝሕዛእ ዞና ወዘተ እናተባህለ ይተሓዝ እሞ፡ ጠለባት ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ነናብ ዝምልከቶ ዞባ እናተመርሐ ዝተወሰነሉ ስፍሓት መሬት ይወሃቦ።

ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ዘላቕነት ክህልዎ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብሰለስተ ኣገደስቲ ኣዕኑድ ዝቘመ ክኸውን ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ በቲ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ተቐባልነት ክህልዎ፡ ውሕስነት ኣከባቢ ዘረጋግጽ ክኸውን ከምኡ'ውን ቁጠባዊ ረብሓ ዘኻዕብት ውጥን ኮይኑ ክዳሎ ኣለዎ።

ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት እዞም ሰለስተ ኣዕኑድ ክህልውዎ እንተደኣ ኮይኑ ድማ ኩለን ኣካላት ሕብረተሰብን መንግስትን ክሳተፋአ ኣለወን። እንተኾነ ግን ኣካላት ምሕደራ መሬት መሪሕ ተራኦም ከበርክቱ ይኽእሉ።

ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ኣብ ምድላው ዘኽስቱ ብድሆታት


- ሕጽረት ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ
- ሕጽረት ቴክኖሎጂያዊ መሳለጥያታት
- ሕጽረት እኹል ፊናንሲያዊ ባጀት
- ዝኣክል ምውህሃድ ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን በርጌሳዊ ማሕበራት ሕብረተሰብን ዘይምህላው ወዘተ።

### መደምደምታ

ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ከዩዳሎኻ ዝተፈላለዩ ቁጠባዊን ስነ-ኣከባቢያዊ ናይ ልምዓት መደባት ኩተዕውት ከቢድ እዩ። ካብ'ዚ ሓሊፍካ ንምድካይ መሬትን ምድረበዳነትን ክትምክት ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ መንግስቲ ኮነ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ነዚ ነገር ከም ኣካል ስርሐን ርእየን ክተግብራሉ እዋኑ ዝጠልቦ ዕማም እዩ።

**እንተኾነ ክሳብ ሃገራዊ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት እኑዳለ፡ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ጠለብ ዝመርሖ ኣጠቓቕማ መሬት ክንጥንቀቐሎም ዘሎና ነጥብታት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ፦**

- ብምሒር ጸቕጢ ማሕረስ/መግሃጫ ደኺዩ ዝርከብ መሬት መዓላ ክቕየረሉ ወይ ካብቲ ዝጸንሖ መዓላ ናብ ካልእ ጸቕጢ ዘይብሉ መዓላ ከም ምግራብ፡ ህንጻ፡ ሕዛእቲ ወዘተ ክቕየር ክኽእል ኣለዎ።
- ምስፍሕፋሕ ሰፈራታት ናብ ሕርሻዊ መሬት መግትኢ ክግበረሉ ኣለዎ።
- ስነ-ህይወታዊ፡ ባህላዊን ወይ ጥንታዊን ውርሻ ኣገዳስነት ዘለዎም ቦታታት ተለልዮም፡ ንዝኾነ መዓላ ከይውዕሉ ክሕዘኡን ክሕለዉን ይግባእ።
- ብቑጠባውን ማሕበራውን ምኽንያታት መዓላ ክቕየረሎም ኣሸገርቲ ዝኾኑ ቦታታት ፍሉይ ተገዳስነት ተገይሩሎም ናይ ዳግመ ሕውየት ስርሓት ክካየደሎም ይግባእ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ.ሚ/ዜና

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 3 ክፍልታት፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ ቍጠባ ከምኡ'ውን ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ርኢና ነይርና። ኣብዚ ብቐጻሊ ዝቐርብ ዘሎ ሕታማትና ድማ፡ ምስ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓን ጨንፈራቱን ዘላሊ ኩይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ጨንፈር ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባርን ኣመሰራርታኡን ምዕባለኡን ርኢና ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም ድማ፡ ብዛዕባ ጨንፈር ዜና ክንርኢ ኢና ሰናይ ንባብ፦

### 10ይ ክፋል

- **ጨንፈር ዜና፦**


ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ፍትሓውነት ቃልሱ፡ ፕሮግራማቱ፡ ፖሊሲታቱን መደባቱን ዘነጽረሉ ኩነ እዋናዊ ሓበሬታታት ዝዝርግሓሉ፡ ቅኑዕ መረዳእታታት ዘሕደረሉ ዜናዊ ስራሓት ንምምዕባል ገና ካብ ምምስራቱ ኣትሒዙ ዝተበገሰሉ ዕማም እዩ። መጽሔታት፡ በራሪ ወረቓቕቲ፡ ፖስተራት፡ ኣሳእል፡ ኣብቲ ዳሕራይ እዋን ከኣ ቪድዮታት ብምዝርጋሕን ካልእ ዝተፈላለየ ናይ መራኸቢ ሜላታት ተጠቒምካ፡ ዕላማታት ናይቲ ቃልሲ ንምብራህን ደገፍ ህዝቢ ንምርካብን ድማ፡ ዓበይቲን ዕዉታት ስራሓት ተተግቢሮም እዮም። በዚ ድማ፡ ጸላኢ ንሰውራ ኤርትራ ካብ ህዝቢ ነጺልካ ንምቁጻዩ ዘካይዶ ዝነበረ ውዲት ክፈሽል ክኢሉ እዩ።

ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ (1977)፣ ህዝባዊ ግንባር መደበር ሬድዮ ክትከል ወሰነ። ብቐልጡፍ ንምምስራቱ ቅድመ-ምድላዋት እናተገብረ እንከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ሰብን መሬትን ሓራ ንምውጻእ ብዝዓበለ ዕላማ ዘበገሶ መጥቃዕትታት ቅልጡፍ ግስጋሰ ብምርኣይ፡ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ስለ ዘእተወ፡ ምስቲ ዝነበረ ምዕባለታት መደበር ሬድዮ ምምስራት ንግዜኡ ተናውሐ።

ኣብ ካልኣይ መንፈቕ 1978 ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ተቐዪሩ፡ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ስዒቡ፡ ህዝባዊ ግንባር ዓቕሚ-ሰቡን ኣጽዋሩን ኣኻኺቡ ኣብ ደጀን ሳሕል ምስ ሰፈረ፡ ኣብ መንን ህዝብን ውድቡን ናይ ርኩብ ጋግ ከይፍጠር፡ ምምስራት መደበር ሬድዮ ብቐልጡፍ ክትግበር ተወሰነ።

ደርግ ሰውራ ኤርትራ ከም ዝጠፍአ ኣምሲሉ ጽዑቕ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ከኣ፡ ድምጺ-ሓፋሽ ኤርትራ ብባሕቲ ጥሪ 1979 ብትግርኛን ዓረብኛን ካብ ፋሕ ፈነወአ ጀመረት። ጽልዋኣ ካብ መጀመርታ ዓቢ ስለ ዝነበረ ድማ፡ ጸላኢ ንምጥፈኣ ዘየካየዶ ጻዕሪ ኣይነበረን።

እታ ሓደ ሰብ ተደቢሩ ኣብ ዝኣቱዋ ንእሽቶ ቴንዳ ኩይና ኣብ ፋሕ ፈነወአ ዝጀመረት ድምጺ ሓፋሽ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዓቕሚ ሰባ እናዓበየ ቦታታት እናቐያየረትን መሳርሒታታ እናኣማዕበለትን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ወኪላት ዜና ኣዋፊራ፡ ኣብ መወዳእታ ብቋንቋታት ትግርኛ፡ ዓረብኛ፡ ትግራይት፡ ዓፋር፡ ኩናማን ኣምሓርኛን እትፍኑ ድምጺ ሓቂ ንኽትከውን በቕዐት። ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ዝዓረደሉ ቦታታት ብምጽጋዕ'ውን፡ ብመጉልሒ ድምጺ ፍሉይ ናይ ጎስጓስ መደባት ከም ዝካየድ ይግበር ነበረ።



እታ ፈለሚት ስትድዮ ድምጺ ሓፋሽ ዝነበረት ቴንዳ (1979 ፋሕ)

ጨንፈር ዜና ብተወሳኺ፡ ቡበመድረኹ፡ “መሪሕ”፡ “ፍጻሜታት”፡ “ሳግም”፡ ዝተሰምያ መጽሔታት ኣብ ህዝብን ተጋደልትን ይዝርግሕ ነበረ። ምዕባለታት ሓርነታዊ ቃልሲ ዘንጸባርቑ ቪድዮታት ብምድላው እውን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንተጋደልትን ህዝብን ምርኢታት የቕርብ ነበረ። እዚ ኹሉ ዜናዊ ንጥፈታት፡ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምብራህ፡ ሓድነት ኣብ ምኽስኻስ፡ ምዕባለታት ሜዳ ኤርትራ ኣብ ምንጽብራቕ፡ ባህርያት ስርዓት ደርግ ኣብ ምቕላዕ፡ ንጽንኩር ህይወት ገድሊ መለሳ ኣብ ምፍጣር ወዘተ፡ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።



ስትድዮ ድምጺ ሓፋሽ ምስ ማዕበለ (ሻባይት)

ኣብ ጨንፈር ዜና ዝጥርንፍ ዝነበረ ኣካል-ስእሊ፡ ንጥፈታት ቃልሲ ንምስናድ ትሑት ዝዓቕመን ካሜራታት እናሰኣለን ንኽሕተም ናብ ወጻኢ እናለኣኸን እዩ ስርሑ ዝጀመረ። ኑቲ ዝወሰዶ ዝነበረ ግዜን ናይ መን ስእሊ ምኻኑ ንምልላይ ዘፈጥሮ ዝነበረ ጸገምን ንምውጋድ ከኣ፡ ኣብ 1975 ኣብ ዜሮ፡ ኣሳእል ዝሕተመሉ ዳርክ-ሩም ብምቛም ባዕሉ ክሓትም ጀመረ። ካብቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዙ ከኣ፡ ኣሃዱ ስእሊ ህዝባዊ ግንባር ንጥፈታቱ ብምስፋሕ፡ ንኹሉ መዳያት ቃልሲ ብስእሊ ናይ ምስናድ ሰፊሕ ስራሕ ተተሓሓዘ። እዚ ብኣዝዩ ንኡስ ዓቕሚ ዝጀመረ ኣካል ስእሊ፡ ሓደ ሚልዮን ታሪኻውያን ኣሳእል ሰኒዱ ደርኪቡ።



ህጻናት ኣብ ምዝንጋዕ (ዜሮ 1977)



### ሕቶታት፥ ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ንፈለማ እዋን መደብ ትምህርቲ ዝሓንጸጸላ ዓመትን ቦታን፧
 ሀ/ 1970 ሰዶሕዒላ ለ/1973 ገረግር ኣስመራ ሐ/1975 ብሌቓት

2. እታ ፈለማ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተመስረተትላ ቦታ ብኣጸዋውዓ ህዝቢ፧
 ሀ/ፋሕ ለ/ብሌቓት ሐ/በዓት ቢጫይ

3. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንፈለማ እዋን መደብ ትምህርቲ ዝሓንጸጸሉ ቦታን ዓመትን፧
 ሀ/ 1965 ፎርቶ ለ/1970 ዓሌት ሐ/1971 ኣር

4. ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ዜሮ ክሳብ ዓሬርብ ካብ ዝረገጸቶን ቦታታት 4 ጥቐሱ፧

5. ካብተን ድሕሪ ናጽነት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝቐጸለለን ቦታታት ክልተ ጥቐሱ፧

6. ካብ 1978 ኣትሒዛ ብተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብትግርኛን ትግረን ትዳሎ ዝነበረት መጽሔት እንታይ ትብሃል፧
 ሀ/ፊተውራሪ ለ/ማሕታ ሐ/ ቀይሕ ኮኾብ

7. እቶም ፈላሞ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካበይ ዝመጽኡ'ዮም ነይሮም፧

8. እተን ፈላሞ ስሩዕ ትምህርቲ ዝጀመረለን ቋንቋ ኣደ እንታይ ነይረን፧

9. ትምህርቲ ክጅመር ከሎ ዝላዓለ ክፍሊ ክሳብ ክንደይ ነይሩ፧
 ሀ/ክሳብ 2ይ ክፍሊ ለ/ ክሳብ 3ይ ክፍሊ ሐ/ ክሳብ 4ይ ክፍሊ

10. ኣስታት 500 ተማሃሮን መምሃራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተሳተፉሉ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት መዓስ ነይሩ፧

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

### VACANCY AT EDC DRILLING AND MINING COMPANY

EDC DRILLING AND MINING SERVICE COMPANY invites qualified applicants for the following posts:

**Position**: **Rig drilling manager**

| | |
|---|---|
| Salary | As per company scale |
| Place of work | Ghonge |
| Contract Type | Indefinite period |
| Number Required | One (1) |
| Main Duties & Responsibilities | A. Involves operating heavy machinery to dig, move, and load materials like earth and rock for construction, demolition, and landscaping projects.<br>B. Key duties include performing pre-operation inspections, safely operating the excavator according to site plans and blueprints, and performing routine maintenance, cleaning, and minor repairs.<br>C. The role requires adherence to strict safety protocols, strong hand-eye coordination, and the ability to work outdoors in various weather conditions.<br>D. Operate excavators and other heavy equipment to dig trenches, foundations, and clear sites.<br>E. Move and load materials such as soil, rock, and debris. Select, fit, and remove attachments like buckets and blades.<br>F. Perform pre-operation checks and routine Maintenance, including lubrication, cleaning, and minor repairs.<br>G. Ensure the safety of the site and fellow workers by following all safety regulations and protocols. |
| Job Requirements | **Experience:** At least 10 years' experience of chief drilling<br>**Certification:** Registered professional driller (RPD) certification is required<br>**Education:** Minimum degree in mining engineering, geological engineering or a related technical field<br>**Skill:** strong understanding of various type of drilling parameters to maximize whole quality and ensure safety. |

Submit the hard copies of the above application documents to EDC DRILLING AND MINING SERVICE COMPANY

- Add: Tiravollo, Street: 745-9, House no.7 Tel 15-55-60

Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper

**Note to non-Eritrean applicants:** Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs, P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

### ን2ይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት (ቀያሕቲ ኣውቶብሳት) ኣብ'ዚም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ጽገና ስርሓት ንዘለዎ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም።

ዓይነት ጨረታ፦

1. ምጥምጣምን ምጽጋንን ዲናሞታት ናይ ዝተፈላለዩ ኮምፕረሰረታት፡ ጀረተር፡ ቶርጆን ካልእን ናይ ኤለትሪክ ስርሓትን።
2. ምስራሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጎማታት።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨረታ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ን10 መዓልታት ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ክፉት ይኸውን።
2. ተጫረትቲ ዘቕረብዎ ዋጋታት ብመሰረት እቲ ብትካል ዝወጸ ሕጋዊ ሰድ ጨረታ ኮይኑ ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቐርብ።
3. ተጫረትቲ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሰራ፡ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰድ (clearance) ናይ ዓመት 2024 የቕርቡ።
5. እዋን ምርካብ ሰነዳት ጨረታ ምስ ኣብቀዐ ቀጺላ ኣብ እትርከብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኩሎም ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከሎም ኣብ ዝተረኸብሉ እዋን ስነ ስርዓት ምኽፋት ሰታሪት ተጫረትቲ ትካሉት ይኸውን።
6. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ C,P,O ኣተሓሒዞም የቕርቡ።
7. ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ፊት ቤት መግቢ ሊባኖስ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈትና መጺእኩም ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 200207 ብምድዋል ክትወስዱ ትኽእሉ።
8. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣስመራ

ምሕረተኣብ ምስየፍ ብርሃ ኣደይ ዘውዲ ዕቑብሚካኤል ወልደማርያም ስለዝዓረፈት ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ሞንን ይግባይ በዛልቲ ሐሩይ ይሕደጎ ኣቡን፡ ገኑት ይሕደጎ ኣቡን ንያት ይሕደጎ ኣቡን መልሲ ወሃብቲ ወረ/ነፍ/ ማኣል ወልደጊዮርጊስ ተሰፉ 1.ብርጭቆ ኣቡን ወልደጊዮርጊስ 2. ወረ/ነፍ ብርኽቲ ኣቡን ወልደጊዮርጊስ 2.1 ወረ/ነፍ ተስፉኣለም ሰመረ ኣስፍሃ 2.1.1 ሓበን ተስፉኣለም ሰመረ 2.2 ኣልማዝ ሰመረ ኣስፍሃ 2.3 ሕርይቲ ሰመረ ኣስፍሃ 2.4 ሂወት ሰመረ ኣስፍሃ 2.5 ፍጹም ሰመረ ኣስፍሃ 3. ወረ/ነፍ ብርኽቲ ኣቡን ወልደጊዮርጊስ 3.1 ኪዳን ጉብረክርስቶስ ብርሃ 3.2ኣማኒኤል ጉብረክርስቶስ ብርሃ 3.3 ተኽለኣብ ጉብረክርስቶስ ብርሃ 3.4 ዳኒኤል ጉብረክርስቶስ ብርሃ 3.5 ዮናስ ጉብረክርስቶስ ብርሃ ዘሎ ስም ዋንነት ናይ ዘይንቀሳቀስ ንብረት (ገዛ) ጉዳይ መልሲ ወሃብቲ ወረ/ነፍ/ ማኣል ወልደጊዮርጊስ ተሰፉ 1. 1.ብርጭቆ ኣቡን ወልደጊዮርጊስ 2. ወረ/ነፍ ብርኽቲ ኣቡን ወልደጊዮርጊስ 2.1 ኣልማዝ ሰመረ ኣስፍሃ 2.2 ሕርይቲ ሰመረ ኣስፍሃ 2.3 ሂወት ሰመረ ኣስፍሃ 2.4 ፍጹም ሰመረ ኣስፍሃ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/11/26 ኣብ 6ይ መጋቢያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብፍ/በ/ማሰል ወራ/ነፍ ኤልሳ ከበድ ተስፉይ ወ/ሮ መኣዛ ዘወልዳይ ብፍ/በ/ ዕዳ ወ/ሮ ደሃብ ብርሃ ኣብ ልዕሌኪ ንፈጸሚ ዝምልከት ምልክታ ኣቕሪባ ስለዘላ 22/10/26 ኣብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ቅረቢ፡እንተዘይ ቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣመልካቲት ኣማረሽ መብራህቱ ጻድዋ ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ ጸሃዮ መብራህቱ ጻድዋ 2.ወረ/ነፍ ኣስገደሽ መብራህቱ ጻድዋ 2.1 ባትሴባ ያሲን ዓብደላ 2.2 ሰፋኒት ያሲን ዓብደላ 2.3 ኣሰይ ሃይለሚካኤል ጉብረመድህን 3.ኣለፈሽ መብራህቱ ጻድዋ 4.ወረ/ነፍ ኣፈወርቂ መብራህቱ 4.1 ኤልሳ ኣፈወርቂ ሳሮን ኣፈወርቂ ኣመልካቲት ኣማረሽ መብራህቱ ጻድዋ ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ ጸሃዮ መብራህቱ ጻድዋ ን ሰፋኒት ያሲን ዓብደላ ናይ ውዕል ምጽዳቕ ወህብቶ ምልክታ ቀሪባልኩም ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን1/10/26 ኣብ 6ይ መጋቢያ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ እዮብ ጸሃየ ሃብተገርግሽ ተኸሳሲት ኤደን ከሰተ ሰለሙን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/10/26 ቅረቢ፡እንተዘይ ቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሳባ ክፍለ ዕቑብ ወላዲያይ ክፍለ ዕቑብ ወልደሰላሴ ስለዝዘሰወ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲቴኬልዛን

ደሃብ ረዳኢ ህዳድ ምባል ተሪፉ ዳህባ ረዳኢ ህዳድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ከምኡ ውን ስም ኣደይ በኪት ኢሳቅ ምባል ተሪፉ በኪታ ኢሹሓቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን 21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ቅብኣቲ በራኺ ፍስሃየ ተኸሳሲ ሰዩም ረዳኢ ፍስሃጽየን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪባልካ ስለዘሎ ን19/10/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ቅረብ።

ኣመልካቲ መሲ ዑቕባልደት ከተም +2፡ ካብ ወረ/ነፍ/ጋሪባልዲ ሊኖ ዝዓደግናዮ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 78 ፓርሰል y1 ጎደና 177-1 ቁ.ገዛ 15c ስፍሓቱ 448.76ት/ሜ ዝኾነ ቭላጌዛ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM022052 ብሽም ነፍ/ጋሪባልዲ ሊኖ ዝተመዝገበ ናብ ሽምና ክሰመሓላለፍ ስለዝኾና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳይና ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣመልካቲ መሲ ዑቕባልደት

# ካብ መጻሕፍቲ

## ሺላ ዘግዱር

ምንጪ፦ መጽሓፍ ‘ደማዊ ዘመን’
ብዘሰፋዬ ጉብርኣብ
(መወዳእታ ክፋል)

ኣቶ ዞግዱር፡ ኣብ ግዜ ደርጊ ኣባል ኣፈሰርስ ክሉብ ከምዝነበረ ሶማሀ ስለዝፈለጠ፡ ኣብ ግቢ ሺላኡ ኬንና እናተመሳሕና ዘርከሉ።

ቁሩብ ዝን በለ’ሞ፡ “ልዕሊ 500 ዝደማዡ ዝኾኑይኹን ሰብ እንተደልዩ ኣባል ክሉብ ኣፈሰርስ ይኸውን ነይሩ። ኣሰልፍቲ ናይቲ ክሉብ ኩሉም ዕድመ ዝደፍኡ ሰብኡት’ዮም ነይሮም። ኣለባብሳኦም ከኣ ስርዓት ዝሓለወ’ዩ ነይሩ። ክሉብ ኣፈሰርስ ጡረተኛታት ዝበዝሑዎ ክሉብ’ዩ ነይሩ። ኣባል ክሉብ ኣፈሰርስ ዝኾነ ሰብ እንተደልዩ ብክፖን ክጥቀም ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ናጽነት ግን፡ ስሙ ናብ ደንደን ክሉብ ቀዪሩ ንኢጋደሽ መንግስቲ ጥሪሕ የእንግድ ኣሎ።”

ንምምዋል ክሉብ ኣፈሰርስ ዝበሉ እናዘከረ ከምዚ በለ፦

“ኣካይዳና ወትሩ ሓንቲ ዓይነት እያ። ሰዓትና ፍልጥቲ እያ። መጠን እንስትዮ ፍሉጥ እዩ። ዝተፈላለየ መጻወቲ ከም ዱምና፡ ስቴኮ፡ ቴብል-ቴኒስ ግራውንድ-ቴኒስ ኣብቲ ክሉብ ነይሮም። ኣቦይ ኤፍሬም ኣማኑኤል ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ እዮም ነይሮም። ቀያሕ ፔጆ ማኪና ነይራቶም። ኣነ ካብ ዝዘክሮም ቀወምቲ ዓማዊል ክሉብ ኣፈሰርስ፡ ሃይለ ሓጎስ፡ ኣስፍሃ ካሕሳይ፡ ፊታውራሪ ሰለሙን ተኽለን መሓመድ ዓሊን ደርጉቡምም። ኣቦይ ኣፈወርቂን ኣቦይ ኤፍሬምን ናብ ክሉብ ኣፈሰርስ ሓቢርም እናመጹ ካፑቺኖ ይሰትዩ ነይሮም። ጀነራል ኣለማየሁ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊውን ይመጽእ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ጀነራል ኣለማየሁ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጸ ጋሻ ሒዙ ናብቲ ክሉብ ኣተወ’ሞ፡ እናሰተዩ የዕልሉ ነበሩ። ኣቦይ ኣፍወርቂን ኣቦይ ኤፍሬምን ከኣ ከም ኣመሎም ሓቢርም ኣተዉ።

ጀነራል ኣለማየሁ፡ ኣብ እዚ ናይቲ ጋሻ ተጸጊዑ እናሕሸኸሸኸ፡ ‘ወሉዲ ወንበዴታት እዚህውልካ’ በሎ። እቲ ጋሻ ብስንባደ ሃለዋቱ ኣጥፈአ። ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት እንግዳኡ ጡበጠቦም ትንፋስ ሰኸዕሉ።”

ዞግዱር እናሰሓቐ ዕላሉ ቀጸለ፦ “. . . ኣብ ኣስመራ ዝነበሩ መኮንናት ኢትዮጵያ ኩሉ’ዮም ዝፈልጡ ነይሮም። ኣቦይ ኣፍወርቂ ንኢሳይያስ፡ ኣቦይ ኤፍሬም ከኣ ንስብሓት፡ ወለዶም ከም ዝኾኑ ይፈልጡ ነይሮም። እንተኾነ ግን፡ ንሓድሕዶም ካብ ምጥቕቓስ ሓሊፎም ዝበሎዎ ሕማቕ ነገር የለን። ክፉእ ቃል ኣየውጽኡን ነይሮም።

ኣብቲ ግቢ እናተዛወርና ከለና ከምዚ በለ፦ “እዚ ግቢ’ዚ ናብ ዝተማልአ መዘክር ክቕየሮ እየ ዝሓስብ። ማዘርታ ናይቶም ፈዳኢን ዝበሩ ክኸውን ኣለዎ። ሕልሚ ስለዝኾነ ከኣ ክሳብ ሎሚ፡ 431 ሰኣሊ ናይ ኣገዳስቲ ሰባት ምስ ሕጻር ዝበለ ታሪኽ ህይወቶም ከእክብ ክኢለ ኣለኹ። እዚ ክእክብ 16 ዓመታት ወሲዱለይ። ናይቶም ሰእልታቶም ዝተበላሸወን ዘይተረኽበን ከኣ ብስእልቲ የስርሖ ኣለኹ። እዚ ግቢ’ዚ ማዘርታ ናይቶም ዝተሰውኡ ፈዳኢን ደቀይን ብጾተይምን ክኸውን እየ . . .” እናበለ ካብ ልቡ ብዘገንፈለ ስምዒት ተዛረበ።

ሓብርና ሰለስተ ሰዓታት ኣሕለፍና። ኣነ ግን፡ ካብ ከናፍር ዞግዱር ዝፈልቁ ዝበሩ ቃላት ብኣንክሮ! እሰምዕ ስለዝነበርኩ ኣይተፈለጠንን። ማሽን ግዜ 50 ዓመታት ንድሕሪት ሐዚኒ ተሓንበበ . . .።

* * *

ኣቶ ዞግዱር፡ ኣብ ሚያዝያ 2021 ዓረፈ።

ዕረፍቱ ስለ ዘይሰማዕኩ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ኣይተሳተፍኩን። ዝኾኑ ይኹን ሕማም ኣይነበሮን። ድንገት ዓሪፉ፡ ኣስከሬኑ ኣብ መካነ መቓብር ሓዙላዝ ከም እተቐበረ ምስ ኣርድኡኒ ኣዝየ ሓዚነ። 84 ዓመት እኳ ገይሩ እንተነበረ፡ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ጥዕና ስለ ዝነበረ ንሞት ኣይዛብኩምን። ዞግዱር ዘይዛዘሞ ስራሕ ስለ ዝነበሮ፡ ዜና ዕረፍቱ ንዓይ፡ ካብ ትጽቢተይ ወጻኢ ኩነ።

ኋሉ ወይ ደቂ-ኋሉ ይሀልዉ ይኾኑ ብዝበለ ግምት ተቐላጠፈ ናብ ሺላኡ ከድኩ። እንተኾነ ግና ዘይተጸበኹዎ ዘርግመ! ኩነታት ደኣ ኸፊኡ። ኩሉ እቲ ዝበረ ከም ዘይነበረ ኮይኑ ጸኒሑኒ።

ኣብ ኣፈፌት ቤቱ ዝበረ ‘ሺላ ዞግዱር’ ዝበል ታቤላ ተኣልዩ። ኣብ ክንዳኡ ‘NYC - ኤን. ዋይ. ሲ. ፒዜርያ’ ዝበል ተንጠልጢሉ ረኣኹ። እቲ ግቢ ኣዝዩ ብዘደመቐ መብራህቲ ኣጊጹ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ቀጠልያ ሮማዱ፡ ቀጠልያ መናብር ተዘርጊሖም ነበሩ። እቲ ቀደም ጸምዋ ዝበረ ግቢ ብዙኣንገዱ ሰባት ቅጽጽ ኢሉ ነበረ። ኣብ መናድቕ ናይቲ ቁጽሪ ተንጠልጢሉ ዝበረ ኣሕምልቲ ዝሓዘ ታኒካታትን እታ ታሪኻዊት ብሽክለታ ፈዳኢንን ኣይነበራን።

ናብ ሳሎን ኣተኹ።

ብወገን’ቲ ፍርቂ ወርሒ ዝቖርጹ ቦታ ስእልታት ተጠቕጢቑ ጸኒሓኒ። ኣብቲ መንደቕ ተንጠልጢሉ ዝበረ ኣሳእል ፈዳኢን ብምሉኡ ተወጊዱ፡ ኣብ ክንዳኡ ብስእልታት ከተማ ኒዮርክ ኣጊጹ ረኣኹ። ኣብቲ ባህላዊ መኣርሒ መዚቃ ኤርትራ ዝበሮ ወገን ከኣ ስእልታት ምዕራባውያን መዚቀኛታት ተሰቒሉ የንጸብርቕ ነበረ።

ናብቲ ግቢ ተመለስኩ።

ናብታ ኣቑሓት ማርያም-ግምቢ ሓዞ ዝበረት ገዛ ኣማዕደኹ። ናብ ክልተ ተመቒሉ፡ ዓዲ-ምድሪ ኣውዳትን ኣዋልድን ዝበል ጽሑፍ ረኣኹሉ። እቲ ሺላ ኮነ እቲ ግቢ ምስቲ ቀደም ዝበሮ ክወዳደር ከሎ፡ መልክዑ ሕጂ ኣዝዩ ደሚቑ ኣሎ። ዩኒፎርም ዝለበሰ ኣሳሰይቲ ኢጋደሽን ተገዚን የስተኣናግዱ። ካብ ደገ ዝመጹ ኢጋደሽ ብዝበዝሐ ረኣኹ። ኩፍ ክትብሎ ዘበሀገ እዩ። ምእዙዝ ሽታ ናይቶም ዕንጨቲታት መንፈስካ የሐድስ። እቶም ኢጋደሽ እናሰሓቑ ኑቲ ግቢ ብዝምጥጥ ድምጽን ቀላጽን የዕልሉ ነበሩ። ኣብ ገሉ-ገለ ጣውላ ከኣ ጠረሙዝ ወይኒ ወሪዱ ደርአ ነበረ። ሽታ ናይቲ ሽው ተሰሪሑ ካብ ፈርኖ ዝወጽእ ዝበረ ፒሳ ንዘተዓጸወ ሸውሃት በርጊድ ኣብሉ ዝኸፍት እዩ። ኣብቲ መናፈሻ ካብ ዝበረ መናብር ሰሓብ ኮፍ በልኩ።

ኣሳሳይት ምስ መጸትኒ፡ “ኑቲ ዋና ጸውዕለይ!” በልኩዋ።

ቀልጢፉ መጸ። ኣርባዓታት ዝበጽሐ’ዩ ዝመስል። ኣብ ርእሱ ኤንዋይሲ (NYC) ዝበል ጽሑፍ ዘለዋ ቆብዕ ደፊኡ ረኣኹ። ሕብሪ ጥንዔራ ኤርትራ ዘለዎ ሃሪ ኣዕማር ኣብ ጺጋማይ ኢዱ ኣሲሩ ረኣኹ። ካብ ብሩር ዝተሰርሐት ካርታ ኤርትራ ኣብ ክሳዱ ተንጠልጢላ ነበረት። ኣለባብሳኡን ምንቅስቓሳቱን ርኢኻ ብምዕራባዊ ባህሊ ምሓር ዝተገርፈ ሰብ ምዃኑ ትግምት።

ብድሙቕ ፈገግታ ተዓጂቡ፡ “ኹረኣብ የሴፍ እበሃል” እናበለ ምስ ስሙን ስም ኣቦኡን ኣላለየ።

ኤንዋይሲ ዝበል ምሕጽረ-ቃል ብሓደ ወገኑ “ኹረኣብ የሴፍ ካፈ” ዝበል ትርጉም ከምዝለዎ፡ በቲ ሓደ መዳይ ከኣ ኒታ ሃብቲ ዘጥረያላ ከተማ ኒዮርክ ከም ዘወክል እናሓበረ እንደገና ብድሙቕ ፍሽኽታ ተሰንዩ፦

“. . . ዝ. ሺላ ናብ ወሽጡ ምስኣተኻ ኣብ ኒዮርክ ከምዝለኻ ኮይኑ ከምዝስምዓካ ገይረ እየ ኣሐዲሰዮ። ኣብ ልዕሊ’ቲ መንደቕ ትርእዮም ዘለኻ ህንጻታት ኒዮላይት ኒዮርክ፡ ካብ ጃፓን ዝተዓደጉ እዮም። ንኒዮርክ ዝፈልጣ ሰብ ኣብ ወሽጣ ዘሎ ክመስሎ ይኽእል እዩ። እዞን ኣሳሰይትና ከኣ ከምዚ ትርእየን ዘለኻ ዓይኒ-ዓይነንኻ ዝሕሉዋ ትንግዶ እየን። ናይ ፍሽኽታ ስልጠና ወሲደን እየን። ከምዚ ትዕዝቦ ዘለኻ ኣፈፌት ካንሸሎ ክትረግጽ ከለኻ ጀሚረን ብምዉቕ ፍሽኽታ ዓጅበን’የን ዘእትዋኻ። ኣብ ኣለባብሳን ትሕትናን ኣሳሰይትና ዝለዓለ ምቁጽጻር ኢና ንገብር። ኣብዚ ንገዛዑ ኢለ ኣይተግኹን ዝሰርሕ ዘለኹ። ኣስመራ ከምዚ ዝበለ ዘመናዊ ካፈ ክህልዋ ይግብኣ’ዩ ብዝበል ስምዒት እዩ።

ኑቲ ሺላ ኣልዒለ ምስ ሓተትክዎ፡ ግንባሩ ኣዕጢሩ፡ “ይቕረታ ዝሓወይ ኣይፈለጥኩኻን፡ መን ኢኻ?” በለ።

ምስ ዋና ናይ’ዚ ገዛ ጸቡቕ ዕርክነት ከም ዝነበረኒ እናሓበርኩ፡ “ብዝዕባቶም ኣብዚ ሺላ’ዚ ተኣኪቦም ዝበሩ ማእለያ ዘይብሎም ቅርሲታት ጸቡቕ ሂንታ ስለ ዝበረኒ፡ ኣቦይ ከም ዘወደቑ ክፈልጥ ደልየ እየ” በልኩዎ።

ዝሓተትክዎ ገዲፉ፡ ዘይሓተትክዎ ኣርእስቲ ኣልዒሉ፡ ኢልሳ ወራሲት ናይዚ ገዛ ስለ ዝኾነት ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ወላዲኣ ክትሳተፍ ኢላ ካብ ኣመሪካ ምስ መጸት፡ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ውዕል ከም ዝፈረመትሉ ነገረ። ምስ ኢልሳ ኣቐዲሞም ኣብ ኒዮርክ ከም ዝፋለጡ ክትዘርበ ከሎ ደኻ ደሃይ መጠንቀቕታ ይጥዕም ነበረ። ቀጺሉ፡ ኑቲ ሺላን ግቢኡን ክሓድስ ብዙሕ ገንዘብ ከም ዘውጽአ ብሓበን ደገመለይ።

“ቅድም ኣብቲ መንደቕ’ቲ ኣረጊት ብሽክለታ ተንጠልጢላ ነይራ” በልኩዎ።

ኹረኣብ፡ “እቶም ሰብኣይ ኣረጊት ንብረት ምእካብ ይፈትዉ ነይሮም እመስለኒ። ብዘኾነ ኩሉ ኣብዚ ግቢ ዝጸንሓና ሓጺ-ጓሕጓሕ ብሓደ ጠርኒፍና ሸይጥናዮ” እናበለ ኣሕቢሩ መለሰለይ።

“ኣብቲ መንደቕ ተንጠልጢሉ ዝበረ ብዙሕ ስእልታትከ?”

“ንኹሉ ኣኻኺብና ኣብ ጥቦ ጠርኒፍና ንኢልሳ ኣረኪብናያ። ኢልሳ ኸኣ ሰኣልቲ ጥሪሕ ለሊዩ፡ ምስኣ ንኣመሪካ ወሲዳቶ፡” እናበለ ዘረባኡ ቀጸለ፦

“. . . ዝ. ገዛ’ዚ ምስተረከብኩዎ ብዙሕ ዘደንጹ ነገራት እዩ ጸኒሑኒ። እመን ኣይትእመን እንተላይ ናይ ከሎዔል መንግስቱ ሃይለማርያም ስእሊ እዩ ኣብዚ መንደቕ ተሰቒሉ ነይሩ። እቶም ሰብኣይ ኩሉም ደቆም ተጋደልቲ’ዮም ነይሮም። ግን ስለምንታይ ስእሊ መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብዚ ሰቒሎሞ ዘለዉ እዩ? ዝ. እንታይ ምኽንያት ክትህበሉ ትኽእል፡ ኢልሳ ርእያቶ መታን ከይትሰንብድ ቀልጢፍና ንኽሉ ኣኻኺብና ኣቃጺልናዮ። ኣቶ ዞግዱር ሕማም ኣእምሮ ኣጋጢሙዎም ነይሩ እመስለኒ . . .”

ኣርምሞተይ! ከበደ። ምዝራብ ግን ኣየቋረጸን፡ “እቶም ሰብኣይ ምስ ዝኾነ ሰብ ምርኻብ ኣቋሪጾም ትርጉም ዘይብሉ ገፊጥ-መፈጥ ኣቑሑ ናብ ገዛኦም የምጽኡ ነይሮም።

“ናእ! ዞግዱር ቅርሲ ምእካብ ይፈቱ ነይሩ እዩ” በልክዎ።

“ቅርሲ ኢልካዮ ናይ ምንታይ ቅርሲ ንዓናስ ወደይ ገፊጥ-መፈጥ’ዩ ጸኒሑና” በለ’ሞ፡ ኣሰዓቢ፦ “. . . እዚ ገዛ መቓብር’ዩ ዝመስል ነይሩ። ከምዚ ሕጂ ትርእዮ ዘለኻ ኮይኑ ክይተዓረየ ከሎ፡ ኣዝዩ’ዩ ዘፍርሕ ነይሩ። እመን ኣይትእመን ሽግና ሰብ’ውን ኣብዚ ገዛ ጸኒሑና እዩ። ንኢልሳ ከይነርና ኣብ መቓምጦ ኣእቲና ጉሒፍናዮ።”

ኹረኣብ ስምዒት ሓዊሱ፡ “. . . እቲ ትርእዮ ዘለኻ ናብ ዓዲ-ምድሪ ቀዪርናዮ ዘለና ገዛ ከርማጅ መቐጥቀጢ ሰቡ ገመድ፡ ሰንሰለት፡ ብጸሊም ቀለም ዝተበጸበጸ ማይ ዝመልአ በርሚልን ንቑጽ ደም ዝተጸየቐ ኮዓሳሱን እዩ ሐዙ ነይሩ። ክትርእዮ ዘፍርሕ! ልክዕ ቤት-ማእሰርቲ እዩ ዝመስል ነይሩ። ዝ. ካፈ ቅድሚ ምኽፋትና ከኣ ኣርባዕተ ካህናት ኣምጺእና ጸበል ማይ-ድጋም ብምንጻግ ርኽሳት መናፍስቲ ካብዚ ሺላ ኣባሪርናዮም።”

“ኑቲ ኣቑሑት ቤት-ማእሰርቲ ኣበይ ኣቐሚጥኩሞ?”

“ኣቐሚጥኩሞ፡ እንታይ ክንገብረሉ ከቐምጦ፡ ኣሰፋጺና ጸወዕና ጉሒፍናዮ።”

ኣርሚመኒ! ዓይኑ-ዓይኑ ጠመትኩዎ።

ንሱ ከኣ ከምዚ እናበለ ወግዑ ቀጸለ፦ “. . . ከምቲ ኣቐዲመ ዘዕለልኩኻ ጥዕና ናይቶም ሰብኣይ ጸቡቕ ኣይነበረን። መሸንቀቕቓ ገመድ ኣብ ሰንቀ ተንጠልጢሉ ምስ ረኣና ‘ምናልባት ድኾን ነብሶም ከጥፍኡ ይሓስቡ ነይሮም’ ዝበል ጥርጣረ ኣሕዲርና። ኢልሳ ከይረኣየቶ ኣውሪድና ሰወርናዮ።”

“ቀብሩ’ኸ ከመይ ሓሊፉ?” ኢለ ሓተትኩዎ።

“ጸቡቕ ተቐቢርም! ደቂ-ኋሉም ከይተረፉ መጺኦም ነይሮም።

“እቲ ኩሉ መጽሓፍቲ’ኸ?”

“ብሓደ ጠርኒፍና ንዕዳጋ ሓራጅ ሸይጥናሉም።”

ንቕሩብ ደቓይቕ ዝን ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ ንወሽጢ ሺላ ሓዘኒ ብምኻድ፡ ብኣጻብዑ እናመልከተ፡ “ርኣዮ! ርኣዮ! ፊሊጥካዮ’ዶ?” በለኒ ብዓውታ።

ኣይመለስኩሉን።

ባዕሉ፡ “. . . ራይሞንድ ካርለስ ናኪ እዩ፡ ብህላዊ ደርፍታቱ እዩ ዝፍለጥ፡ ብዝያዳ ከኣ ብ“ኦርዝ ሰፐሪት”ን “ካጾዖን ትረሎጂ”ን ዝርእስተን ደርፍታቱ ይዝከር። ኑቲ ግና ትፈልጦ ኢኻ፡ ኢልቪስ ፕርስሊ ንጉስ ሮክ ኤንድ ሮል እዩ” በለ።

ጃንዙ ካንትሪ ብስግራዙ ሂፕ-ሆፕ፡ ኣር ኤንድ ቢ፡ ብሉዝ . . . እናበለ ምስቶም ብዙዓይነቱ ህርመት ደርፊ ዝጻወቱ ደረፍቲ ኣላለየ። ኣብ መንጎ ብስምዒት ተደረኸ፦

“. . . እዚ’ኸ ትፈልጦ ዲኻ ስቲቨን ፎስትር ይበሃል። ናይ 19 ክፍለ ዘመን ፍሉጥ ኣመሪካዊ መዚቃ። እቲኣ ከኣ ፋናሎፓ ክሩዝ ትበሃል። ምስኣ ዘሎ ከኣ ፐድሮ ኣልሞዶቫር ይበሃል። ዳይረክተር ፊልም እዩ። እዚኣ ከኣ ፋሽን ሸው ተዓዊታ እያ። ሸው ከተርኢ ከሎ ጡረታ ዝኣተዉ ፕረዚደንታት ከይተረፉ እዮም ዝመጹ ነይሮም። ከመይ ዝበለት ወርይቲ ፋሽንስቲ መስለካ! ኣነ’ውን ቀረብ ብኣዒንተይ ርእየያ እፈልጥ እየ።”

ኣእዳዉ እናወናጨፈ፡ “መንእሰያት ኤርትራ ፒሳ ክምገቡ ኢሎም ናብዚ ምስ መጹ ኣብ ኒዮርክ ዘለዉ ኮይኑ ምእንቲ ክስምዖም ኢለ ብዙሕ ጻዓረ እዩ። እዚ ግቢ’ዚ ኒዮርክ ምእንቲ ክመስል ኢሉ ኣርባዕተ ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢታት ገይረ።” በለ።

ምስ ኹረኣብ ብትኻዝ ተሰናቢተ ከድኩ።

***

ሓደ ሰንበት ናብ መቓብር ሓዙላዝ ደያብኩ’ሞ ኣብ ጫፍ መካነ-መቓብር ኣቶ ዞግዱር ኮፍ ኢለ እቲ ድሕሪ ዕረፍቱ ኣብ ልዕሊ ሺላኡ ዝተፈጸመ ዘሕዝን በደል ኣውጋእኩዎ . . .

## መደብ ቴሌቪዥን

(ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 12:00 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሳይዳ |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:00 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

